ÖSTERSUNDS KOMMUN
STAAREN TJÏELTE

# ሕጂ እዋኑ እዩ!

## ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ኣዚለ ክፍሊ ምርጫ ቤት ትምህርቲ

ኣብ 2023 ውላድኩም ሽዱሽተ ዓመት ዝመልእ እንተኾይኑን ሞግዚት(ወላዲ)ኣብ ንኡስ-ዞባ ኣስተርሹንድ ምስ ዝነብር፡ እቲ ቈልዓ ኣብ ቀውዒ(ሀስት) 2023 ኣዚለ ክፍሊ ንኽጅምር ቤት ትምህርቲ(ናይ ንኡስ-ዞባ ወይ ናይ ብሕቲ) ክትመርጹሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ 2ይቲ ሳምንቲ ናይ 2023 ብኢሜል ወይ ብደብዳቤ ነዚ ናይ ኣዚለ ክፍሊ ምርጫ ንኽተካይድዎ ዕድመ ክንልእኸልኩም ኢና።

እቲ ምርጫ ካብ 15 ክሳብ 29 ጥሪ ዝካየድ ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ንልእኸልክም ዕድመ ሰፊሩ ብዘሎ ኢንተርነታዊ ኣገልግሎት(ኤ-ኣገልግሎት) ወይ በዛ ትስዕብ ኣድራሻ www.ostersund.se/skolval ገይርኩም ኣመልክቱ።

ነዚ ምርጫ ንምፍጻም ኤ-ታሴራ(መንነት) ወይ ሞቢል ባንክ-ኣይዲ የድሊ። እንተ ዘይብልኩም ንባንክኹም ወይ ንኣታዊ ውሽጢ-ሃገር(ስካተቨርከት) ተወከስዎ። ነዚ ብዝምልከት ኣብ www.e-legitimation.se ዝያዳ ሓበሬታ ሰፊሩ ኣሎ።

## እቲ ምርጫ ብኸመይ ይፍጸም?

ሓደ ካብ'ቶም ወለዲ ነዚ ምርጫ ብኤ-ኣገልግሎት የካይዶ። እቲ ካልኣይ ወላዲ ድማ ነቲ ቀዳማይ ወላዲ ዝገበሮ ምርጫ ኣብ'ቲ ኤ-ኣገልግሎት ኣቲዩ የረጋግጾ። ኣብ መወዳእታ መጋቢት እቲ ቈልዓ ኣበየናይ ቤ/ት ቦታ ከም ዝበጽሖ ብኢሜል ወይ ብደብዳቤ መልሲ ይወሃበኩም።

## ነቲ ዝመረጽክዎ/ዝመረጽናዮ ቤት ትምህርቲ ንረኽቦ'ዶ?

እቲ ንኡስ-ዞባ ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ቈልዓ ኣብ'ቲ ወለዲ ዝተመነይዎ ቤት ትምህርቲ እዩ ዝውዝዖ። ብዝሒ ናይ'ቶም ኣብ ንኡስ-ዞባ ቤ/ት ዘመልክቱ ካብ'ቲ ዘሎ ቦታ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ግን "ቤት ትምህርቲ ንመን ይቐርቦ" ዝብል ኣገባብ ብምጥቃም እቲ ምቕረሒ(ዕደላ) ቦታ ይካየድ።

ኣመቓራርሓ(ኣተዓዳድላ) ቦታ ኣብ ንኡስ-ዞባ ኣስተርሹንድን "ቤት ትምህርቲ ንመን ይቐርቦ" ዝብል ኣምርን ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ምስ ዝድለ ኣብ www.ostersund.se/skolval ኣቲኻ ክንበብ ይከኣል'ዩ።

ወላ'ኳ ናይ ንኡስ-ዞባ ኤ-ኣገልግሎት ተጠቂምኩም እንተ ኣመልከትኩም ፡ እቶም ኣብ'ቲ ንኡስ-ዞባ ዘለዉ ብሕታውያን ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ውልቆም ኣመቓራርሓ ቦታ ኣለዎም። ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝድለ ነቲ ዝምልከቶ ብሕታዊ ቤ/ት ተወከስዎ።

## እቲ ዝቐረበ ቤ/ት ኣብ ዘይምረጸሉ እዋን ዘሎ ምብጽጻሕ ተምሃሮ ብመኪና

መብዛሕታኦም እቶም ካብ ገዛ ናብ ቤት ትምህርቲ ብመኪና ምብጽጻሕ መሰል ዘለዎም ተምሃሮ፡ ህዝባዊ መጓዓዝያ እዮም ዝጥቀሙ።ኩሎም እቶም ካብ 6 ክሳብ 19 ዝዓመቶም ኣብ ንኡስ-ዞባ ኣስተርሹንድ ዝነብሩ ቈልዑ፡ ህዝባዊ መጓዓዝያ ንኽጥቀሙ ናይ ኣውቶቡስ ካርድ ብነጻ ይወሃቦም እዩ። ኣብ ሒደት ፍሉይ ኩነታት ድማ፡ ገለ ካብ'ቶም ኣብ መባእታውን ፍሉይ መባእታውን ዝኸዱ ተምሃሮ ብፍሉያት መጓዓዝያ መካይን ክመላለሱ መሰል ክህልዎም ይኽእል እዩ። ከም'ዚ ክኸውን ዝኽእል ንኣብነት ህዝባዊ መጓዓዝያ ምስ ዘይህሉ ወይ እቲ ተምሃራይ ብሰንኪ ስንክልናኡ ህዝባዊ መጓዓዝያ ክጥቀም ምስ ዘይክእል ክኸውን ይክእል እዩ።

እቶም ነቲ ናይ "ምብጽጻሕ ተምሃሮ ብመኪና" ጠለብ ዘማልኡ ተምሃሮ፡ ንኽወሃቦም ምምልካት ኣየድልዮምን እዩ እንታይ ደኣ ብቐጥታ እዩ ዝፍቀደሎም።

ÖSTERSUNDS KOMMUN
STAAREN TJIELTE

እቲ ወላዲ ነታ ዝቐረበት ቤት ትምህርቲ ኣብ ክንዲ ዝመርጻ ካልእ ናይ ብሕቲ ወይ ካልእ ዓይነት ቤት ትምህርቲ ብወለንታኡ ባዕሉ ምስ ዝመርጽ፡ እቲ ቈልዓ መሰል ናይ "ምብጽጻሕ ተምሃሮ ብመኪና" ኣይክህልዎን እዩ።

ከም'ዚ ይኹን ደኣ'ምበር እቲ ቈልዓ በታ ናይ ኣውቶቡስ ካርድ ተጠቂሙ ብህዝባዊ መጓዓዝያ ክመላለስ ግን ይኽእል እዩ።  ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ www.ostersund.se/skolskjuts ኣቲኹም ኣንብቡ።

## ሓገዝ ምስ ዘድልየኩም

ቤት ትምህርቲ ናይ ኣዚለ ንኽትመርሱ ኮምፒተር እንተ ዘይብልኩም ወይ ዝሕግዘኩም ሰብ ምስ ዘድልየኩም ሓገዝ ክወሃበኩም ይኽእል እዩ።

ናብ ማእከል መቐበሊ ጋሻ(ኩንድሰንተር) ብኢሜል kundcenter@ostersund.se ወይ በዛ ትስዕብ ቊ. ተሌፎን 063-14 30 00 ብምውካስ ወይ ከኣ ብኣካል ናብ ኩንድሰንተር ኣብ ኣድራሻ Österäng Förlandsgränd 1C ኬድካ ዑደት ክግበር ይከኣል እዩ።

# ሓበሬታ ብዛዕባ እቶም ዝምረጹ ኣብያተ ትምህርትታት

ነፍሲ-ወከፍ ቤት ትምህርቲ ምስ ሞግዚት(ወለዲ) ተካይዶ ናታ ናይ ሓበሬታ ኣኼባ ኣለዋ። ኣብ'ቲ ኣኼባ እቶም ወለዲ ብዛዕባ እቲ ቤት ትምህርትን ኣመሃህራኡን ዝያዳ ሓበሬታ ክሰምዑ ይኽእሉ። እቲ ድሌት ኣኼባ ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ንኽካየድ እዩ። ለብዒ ኮረና እንተ በዚሑ ግን ብዲጂታል እዩ ዝካየድ። ብዝኾነ ኣብ'ቲ እዋን ዘሎ ኲነታት ንምፍላጥ ኣብ መካነ-መርበባት ናይ'ተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣቲኻ ክንብበ ይከኣል እዩ።

ኣብ'ዚ ታሕቲ ናይ'ቶም ሓበሬታ ዝወሃበሎም ኣኼባታት ዕለትን ሰዓታትን ተመልኪቶም ኣለዉ።ብተወሳኺ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ሓበሬታ ንምርካብን ምስ ኣባላተን ንምርኻብን፡ ኣድራሻ መካነ-መርበበን ተዋሂቡ ኣሎ።

ኣብ'ቲ ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ ኣስተርጓሚ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ኣብ'ታ ዑደት ተካይዱላ ቤት ትምህርቲ ዘላ ንርእሰ-መምህራ ተወከስዋ። መወከሲ-ሓበሬታ ኣብ መካነ-መርበብ ናይ'ተን ኣብያተ ትምህርቲ ሰፊሩ ኣሎ።

## ብንኡስ-ዞባ ዝውነኑ ኣብያተ ትምህርቲ

### ኣርንልዮት-ስኮላን Arnljotskolan (F-3)

ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 21 ሕዳር ሰዓት 18.30-19.30
www.ostersund.se/arnljotskolan

### ብሪጎሰንስ ስኮላ Bringåsens skola (F-6)

ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 21 ሕዳር ሰዓት 17.30-18.30
www.ostersund.se/bringasen

### ፋገርቫልስ ስኮላ Fagervallsskolan (F-6)

ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 24 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/fagervallen

### ፍየለኤንግስ ስኮላ Fjällängsskolan (F-6)

ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 28 ሕዳር ሰዓት 17.30-18.30
www.ostersund.se/fjallangen

ÖSTERSUNDS KOMMUN
STAARENTJÏELTE

**ፎከር ስኮላ Fåker skola (F-6)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 21 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/faker

**ሄገኖስ ስኮላ Häggenås skola (F-6)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 22 ሕዳር ሰዓት 17.30-18.30
www.ostersund.se/haggenas

**ሊልሾ ስኮላ Lillsjöskolan (F-6)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 24 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/lillsjo

**ሉግንቪክስ ስኮላ Lugnviksskolan (F-9)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 21 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/lugnviksskolan

**ማርየቢ ስኮላ Marieby skola (F-6)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 22 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/marieby

**ሚመርጎርደን Mimergården (F-6)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 29 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/mimer

**ኖራ ስኮላ Norra skolan (F-3)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 22 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/norraskolan

**ኦርቪከንስ ስኮላ Orrvikens skola (F-6)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 24 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/orrviken

**ስቱርቪከንስ ስኮላ Storvikenskolan (F-3)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 21 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/storviken

**ሰርጎርድስ ስኮላ Sörgårdsskolan (F-3)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 23 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/sorgard

**ታቨልቤክስ ስኮላ Tavelbäcksskolan (F-6)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 23 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/tavelbacken

ÖSTERSUNDS KOMMUN
STAARN TJÏELTE

**ትሬኤልፍስ ስኮላ Treälvsskolan (F-9)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 21 ሕዳር ሰዓት 17.30-18.30
www.ostersund.se/trealven

**ቫላ ስኮላ Vallaskolan (F-9)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 23 ሕዳር ሰዓት 18.30-19.30
www.ostersund.se/vallaskolan

**ኦንግስታ ስኮላ Ångsta skola (F-6)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 23 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/angsta

**ኤንግስሞ-ጎርደን Ängsmogården (F-6)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 30 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.ostersund.se/angsmon

## ብሕታውያን ኣብያተ ትምህርቲ

**በሌቢ ስኮላ Böle Byskola (F-5)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 23 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.bolebyskola.se

**ኢኖቪታ ስኮላ ኦስተርሹንድ Innovitaskolan Östersund (F-9)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: ዕለት 8 ሕዳር ካብ ሰዓት 17:00 ጀሚሩ ክፉት-ገዛ ስለ ዘለና ሓበሬታ ብውልቂ ክወሃብ እዩ። ንዓኺ ዝሰማማዓኪ ግዜ ንምሓዝ ኣብ'ዚ መካነ-መርበብ ኣቲኺ ተመዝገቢ፣
www.innovitaskolan.se/ostersund

**ኢንተርናሹኔል ኤንገልስክ ስኮላ Internationella Engelska Skolan (F-9)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 10 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
https://engelska.se/our-schools/ostersund/

**ፕሮሊምፕያ Prolympia (F-9)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 21 ሕዳር ሰዓት 18.00
www.prolympia.se/ostersund

**ኦስተርሹንድ ቫልደር ስኮላ Östersunds Waldorfskola (F-9)**
ሓበሬታ ዝወሃበሉ ኣኼባ: 17 ሕዳር ሰዓት 18.00-19.00
www.waldorfostersund.se